
# መን ኢኻ ኣይተበሉኒ !




መን ኢኻ ኣይተበሉኒ !
ኤርትራዊ እየ ኣነ ጎይታ ክብረት
ኤርትራዊ እየ ኣነ ጎይታ ናጽነት
ኤርትራዊ እየ ኣነ ጎይታ ሓድነት
ኤርትራዊ እየ ኣነ ጎይታ መሬት
እዛ መሬተይ መሬት ሕድሪ
እዛ መሬተይ መሬት ክብሪ
መሬተይ ሓላለይ መሬት ፍቕሪ፡
ብዋጋ ዘይትሽነን ሂያብ ሰማእቲ
ጸሓያ ኣብሪቓ ትፈሪ ከዋኽብቲ
ጻህያይ ለቒማ ትሓፍስ ንዓእቲ
ምርቕቲ ብዓንተቦ ብነብያት ብመላእኽቲ፡
ግዚኣ ኣኺሉ ሸነን ትብለሉ
ዘመና መጺኡ እትኾርዓሉ
ሓጎሳ ጎሲዑ ፡ ሕሰማ ተቐቢሩ፡
ማሙቓ እንድያ ኣብ ሑቕፊ ህዝባ
ጅግና ዋሕሳ ፡ ህዝባ ድባባ
ማዳኣ ተቐልጡ መሲላ ዕምበባ
ትኳሒላ በሪኻ ማዕረ ዓለማ
ዮሃና ሰብ ጋምባለ ሰብ ሕዮባ
ራህዋ በሎኽ፡ ሕሰም ሑቖ ሂባ
ሰናይ ዘመን መጺ፡ ንበሎ መርሓባ፡
መን ኢኻ ኣይትበሉኒ
ኤርትራዊ እየ ስሑል ብሃገራዊ ወኒ፡

ዓወት ንሓፋሽ !
ብርዒ ሓቂ፡